## ቍጠባዊ ሓገዝ

ኮላትና ንዝእ ርእስና ወይ ስድራና ንምንባይ ሓገዝ ኣንደልየሉ ቍጠባዊ ጸገማት ኪጋጥመና ይኽእል ኢዩ። ሽዑ ንቍጠባዊ ሓገዝ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ዕላማ ናይ'ዚ፡ እቲ ቍጠባዊ ሓገዝ ንሓጺር ግዜ ኾይኑ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ሓጺር ግዜ ነብስኻ ንኽትናቢ እዩ።

# ቅድሚ ምምልካትካ

ቅድሚ ቍጠባዊ ሓገዝ ምሕታትካ ሓደ ሓደ ክትፈልጦም ዘድልዩኻ ነገራት ኣሎዉ።

- ኣብ ባንክ ገንዘብ እንተ ኣለካ ኾይኑ መጀመርታ ንዕኡ ክትጥቀመሉ ኣሎካ።
- ንብረት እንተ ኣሎካ ኾይኑ ንኣብነት ማኪና ወይ ትውንኖ ገዛ፡ ንመናበይኻ ዝኸውን ገንዘብ ንኽትረክብ ምሻጡ ከድልየካ ይኸውን እዩ።
- ብዘይ ቃል ኪዳን ብሓባር ትነብር መጻምድቲ፣ ምርዑው ወይ ዝተመዝገብካ መጻምድቲ እንተ ኾንካ፡ እቲ ኻልኣይካ/ካልኣይትኻ ሰብ ክናብየካ ግዴታ ኣሎዎ።
- ናይ ካልኦት ሓገዛት መሰል እንተ ኣሎካ ኾይኑ ንኣብነት ካሳ-ውሕስነት ወይ ካሳ ስራሕ ኣልቦነት፡ መጀመርታ ምስኦም ርክብ ክትገብር ኣሎካ።

ኵሎም እዚኣቶም ናይ መናበዩ መንገድታት ፈቲንካዮም እንተ ኾንካ፡ ንቍጠባዊ ሓገዝ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ሕጊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት እዩ መሰል ንሓገዝ እንተ ኣሎካ ኾይኑ ዝውስን።

# ክንደይ ዝኣክል እየ ክወሃብ ዝኽእልን፡ንምንታይን እዩ?

ቍጠባዊ ሓገዝ ብኽልተ ክፋላት ዝቐመ እዩ፣ ሃገራዊ መጠንን (መነባብሮ) ንቕቡል ወጻኢታት ሓገዝን። ናይ'ቲ ሓገዝ ብዝሒ ኣብ ናይታ ስድራ ኣታዊታትን ወጻኢታትን ዝተሞርኮሰ እዩ።

**ሃገራዊ መጠን**

ሃገራዊ መጠን ብመንግስቲ ዝውሰንን ነዚ ስዕብ ክኣክል ዘሎዎን እዩ፡-

- ምግቢ
- ክዳውንትን ሳእኒን
- መጻወትን ትርፊ ግዜን
- መድሕን ናይ ቈልዑን መንእሰያትን
- ሃላኺቲ ኣቑሑት
- ጥዕናን ጽርየትን
- ጋዜጣ፣ ተለፎንን ክፍሊት ተለቪዥንን

ናይ መድሃኒት ወጻኢታት እንተ ኣሎካ ኾይኑ ወይ ፍሉይ ምግቢ ዘድልየካ እንተ ኾይኑ ተወሳኺ ሓገዝ ክወሃበካ ይኽእል እዩ። ፍሉይ ምኽንያት እንተ'ሎ ኾይኑ ግን ዝወሓደ ሓገዝ እውን ክወሃበካ ይኽእል እዩ።

**ሓገዝ ናይ ቕቡል ወጻኢታት**

መሰል ናይ ቍጠባዊ ሓገዝ ነዚ ዝስዕብ ቅቡል ወጻኢታት እውን ይምልከት እዩ፡-

- መንበሪ
- ኤለክትሪክ ናይ ገዛ
- ናብ ስራሕ ጉዕዞ
- መሰረታዊ መድሕን ገዛ
- ውሕስነት ልዑል ክፍሊት ዝምልከቶ ሕክምና ካብ ሓኪም
- ውሕስነት ልዑል ክፍሊት ዝምልከቶ ወጻኢታት መድሃኒት
- መነጽር ዓይኒ
- ህጹጽ ወይ ናይ ግድን ዝኾነ ሕክምና ስኒ

- ኣባልነት ማሕበር ሰራሕተኛታትን ካሳ ስራሕ ኣልቦነትን

ኣብዚ ኣብ እትረኽቦ መርበብ ሓበሬታ ናይ ቦርድ ጥዕናን ማሕበራዊ ውሕስነትን፡ መሰል ናይ ቍጠባዊ ሓገዝ እንተ'ለካ ኾይኑ ሕሳብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ።

# ምኽሪ፡ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ኣብስኻ ንኽትክእል

መጀመርታ ግዜ ንቍጠባዊ ሓገዝ ከተመልክት ከሎኻ ሓደ ናይ ሞያ ኣማኻሪ ክትረክብ ኢኻ። ዕላማ ናይ'ዚ፡ ናይ ነብስኻ ምኽኣል ጕዕዞኻ እንታይ ክመስል ከም ዝኽእልን ኣብ ጕዕዞኻ ኣየናይ ደገፍ ክትረክብ ከም ትኽእልን ንምዝታይ እዩ።

# ቅድሚ ምምልካትካ ክትሓስበሉ ዘሎካ

ቅድሚ ምምልካትካ ናይ ኩሎም ኣብቲ ምልክታ ተእትዎም ኣታዊታትን ወጻኢታትን ሓበሬታታት ክትእከቦም የድልየካ። ዝኾነ ሰነድ ኣተሓሒዝካ ምስዳድ ኣየድልየካን እዩ። ነቶም ሰነዳት ክትዕቅቦም ግን ከድልየካ እዩ። ኣብ እዋን ቍጽጽር ናይቶም ዝሃብካዮም ሓበሬታታት ሓቅነት ከተርኢ ክትክእል ኣሎካ።

# ቍጽጽር

ምልክታታት ብሃውሪ ንቍጽጽር ይምረጹ። እቲ ምልክታኻ ንቍጽጽር እንተ ተመሪጹ ነቶም ንሓተሎም ዘሎና ሰነዳት፡ ንኣብነት ጸብጻብ ናይ ባንክ ሕሳብ፣ ፋክቱራ፣ ቅብሊት፣ ውዕል ክራይ ገዛን ናይ ሓገዝ ዝሓተትካሉ ምስክር ወረቐትን ብቕልጡፍ ክትልእኮም ኣሎካ።

# ውሳነ

እቲ ምልክታኻ ዝተማልአ እንተ ኾይኑን ንቍጽጽር እንተ ዘይተመሪጽካን፡ ኣብ ውሽጢ ሒደት መዓልታት ውሳኔን ክፍሊትን ክወሃበካ ዝከኣለና ክንገብር ኢና።

# ንውሳኔ ይግባይ ምባል

ንሓደ ውሳኔ እንተ ዘይዓጊብካሉ ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ። ኣብቲ ይግባይካ ነየናይ ውሳኔ ይግባይ ትብለሉ ከም ዘሎኻን ስለ ምንታይ እቲ ውሳኔ ክቕየር ኣሎዎ ትብል ከም ዘሎኻን ክትጽሕፍ ኣሎካ።

# ብኤለክትሮኒካዊ ኣገባብ ኣመልክት

ቁጠባዊ ሓገዝ ብኤለክትሮኒካዊ ኣገባብ ብመንገዲ ሞባይል ተለፎን፣ ታብለት (ሱርፍፕላታ) ወይ ኮምፒዩተር ተመልከት። ኤ-ኣገልግሎት ለይትን መዓልትን ክፉት እዩ። ምልክታኻ ድማ ኣብታ ወርሒ ኣብ ዝደለኻዮ ግዜ ክትሰዶ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ኤ-ኣገልግሎት ነዚ ዝስዕብ ክትርኢ ትኽእል፡-

- ምልክታኻ መዓስ ከም ዝኣተወ
- እንታይ ከም ዝተወሰነን ስለ ምንታይን
- መዓስ ገንዘብ ከም ዝወሃበካን ምብዝሑን
- መዓስ ናይ ሞያ ኣማኻሪ ክትረክብ ምኧንካ
- ከመይ ገርካ ንሓደ ውሳኔ ይግባይ ከም ትብለሉ

ኣብ ላዕሊ ናይ ኤ-ኣገልግሎት ትረኽቦ ናተይ ጕዳያት ዝብል፡ ጕዳይካ ክትከታተል ትኽእል ኢኻ።

# ኤለክትሮኒካዊ መንነት

ኣብ ኤ-ኣገልግሎት ንኽትኣቱ ኤ-መንነት (ኤልክትሮኒካዊ መንነት) ክህልወካ ኣሎዎ። ኤ-መንነት እንተ ዘይብልካ ኾይኑ፡ ናይ ሽወደን ውልቃዊ መለለዪ ቁጽሪ እንተ ኣሎካ ኾይኑ ካብ ባንክኻ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። ናይ ሽወደን ውልቃዊ መለለዪ ቁጽሪ እንተ ዘይብልካ ኾይኑ ምሳና ርክብ ግበር።

ኣብዚ ከመይ ጌርካ ኤ-ኣገልግሎት ክትጥቀመሉ ከም ትጅምር ብተወሳኺ ክተንብብ ትኽእል ኢኻ።

**ኤ-ኣገልግሎት ንዓኻ ናይ  ኢንተርኔት ባንክ ዓሚል ዘይኮንካ**

ናይ ኢንተርኔት ባንክ ዓሚል እንተ ዘይኮንካ፡ ናይ ህዝባዊ ምዝገባ ኣድራሻ እንተ ኣለካ ኾይኑ ግን ኣብ ክንድኡ ካብ ብዓል መዚ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር  ወረቐት መንነት ክተመልከት ትኽእል ኢኻ። ናይ ብዓል መዚ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ወረቐት መንነት ብመንገዲ ናይ ካርድ መንበቢት ናይ ኮምፒዩተር ክትጥቀመላ ትኽእል ትሕዝቶ ናይ ተልያ ኤ-መንነት ኣሎዋ።

# ንምምልካት ከምዚ ትገብር

1. ኩሉ ኣብቲ ምልከታ ተእትዎ ናይ ኣታዊታትን ወጻኢታትን ሰነዳትካ (ጸብጻብ ናይ ባንክ ሕሳብ፣ ፋክቱራ፣ ቅብሊት፣ ውዕል ክራይ ገዛ፣ ምስክር ወረቐት፣ ውዕል ወዘተ) ኣክቦ። ዝኾነ ሰነድ ኣተሓሒዝካ ምስዳድ ኣየድልየካን እዩ። ከም ዝዓቀብካዮም ግን ኣረጋግጽ። ንቅጽጽር እንተ ተመሪጽካ ነቶም ሰነዳት ናባና ክትሰዶም ኣሎካ።
2. ናብቲ ኤ-ኣገልግሎት ብናትካ ኤ-መንነት እቶ።
3. ናትካ ሓበሬታታት ምልኣዮም
4. ብመንገዲ ኤ-መንነት ፈርም። ክልተ ሰባት እንተ ኾንኩም ተመልከቱ ዘሎኹም፡ ነቲ ምልከታኹም ክንርእዮ ንኽንጅምር እቲ ካልኣይ ሰብ እውን ናይ ግድን ክፍርም ኣሎዎ።
5. ወዲእካ!
6. ሕጂ ነቲ ጕዳይካ ኣብ ትሕቲ ናተይ ጕዳያት ክትከታተሎ ትኽእል ኢኻ።

# ምልከታ ብወረቐት

ንቁጠባዊ ሓገዝ ብናይ ወረቐት ቅጥዒ ክተመልክት ትኽእል ኢኻ። ግን በየናይ ኣገባብ ክተመልክት ከም ዝመረጽካ ብዘየገድስ ሓደ ዓይነት ሕቶታት ክንሓትት ስለ ዘሎና፡ እቲ ናይ ወረቐት ቅጥዒ ካብቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዝሰፍሐ ክኸውን እዩ። ብናይ ወረቐት ቅጥዒ እንተ ኾንካ ተመልከት፡ ናብ'ዚ ዝስዕብ ለኣኽ፡-

ናካ ኮሙን
131 81 ናካ

ከምኡ'ውን ነቲ ናይ ወረቐት ምልከታ ኣብ ግራኒትቬገን 15 ዝርከብ ናይ ናካ ኮሙን ኣዳራሽ ከተማ (ስታድስሁስ) መቐበል ኣጋይሽ ክተእትዎ ትኽእል ኢኻ።

# ንሕቶታትካ ደስ እንዳ በለና መልሲ ንህበሎም

ነቲ ኤ-ኣገልግሎት ከመይ ገርካ ከም ትጥቀመሉ ርግጸኛ ኾይኑ እንተ ዘይተሰሚዑካ፡ ምሳና ርክብ ንምግባር ኣይትጠራጠር። ንሕቶታትካ ደስ እንዳ በለና መልሲ ንህበሎም!